UNITED NATIONS
**HUMAN RIGHTS COUNCIL**

# መግለጺ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ምፍራም ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት

**ጥቅምቲ 26, 2015**

**ኢንቴቤ/ጀኔቫ**

ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያ፡ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ምፍራሙ ብሓጎስ ይቅበሎ። ብፍላይ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ሰባት ዘስዕቦ ዕንወትን ከመኡ'ውን ኣዕናዋይ ዝኾነ ጽልዋ ጎነጽ ንምውዳኣ ኣገዳሲ ቀዳማይ ስጉምቲ ምኻኑ ይገልጽ።

ኮምሽን ነቲ ዝተገልጸ ቃል ኪዳን ሰብኣዊ መሰላት፥ ሓለዋ ሲቪል፥ ዕንቅፋት ዘይብሉ ሰብኣዊ ተበጻሕነትን ተሓታትነትን ብሓጎስ ብምቅባል፡ ምሉእን ዘይተገደበን ሰብኣዊ ተበጻህነትን ብቅልጡፍ ክጅመርን መሰረታዊ ኣገልግሎታት ናብ ክልል ትግራይ ክምለስን ይላበ። ብተወሳኺ ኮምሽን ተጻብኦ ፕሮፖጋንዳን፡ጽልኢ ዝመልኦ ዘረባን ደው ንምባል ቃል ዝኣተወሉ ቃል ብሓጎስ ይቕበሎ።

እቲ ኮምሽን፡ ኣብ እዋን ግጭት ዝተፈጸሙ ኲሎም ጥሕሰታት፡ እንተላይ እቶም ኣብ ነሓሰ 2014 ዳግማይ ውግእ ካብ ዝጅመር ጀሚሮም ዘጋጠሙ ግህሰታት ክምርመሩን ሓላግነት ዝወስዱ ተሓተትቲ ክሕተቱን ምግባር ኣዚዩ ኣገዳስን ወሳንነት ከምዘለዎ የጉልሕ።

ኮምሽን ምስቲ ካብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ዝረኸቦ ስልጣን ተስማሚዑ ምስ ፍትሒ፥ ተሓታትነት፡ ዕርቅን ህውየትን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ስለዝኾነ ናይ ኣማኻሪ ስልጣኑ ብዘይሻራዊ ንምትግባር ቃል ኣትዩ ኣሎ።

ብዛዕባ ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽብዎ ትክእሉ ኢኹም፡ [https://www.ohchr.org/en/hr-bodies/hrc/ichre-ethiopa/index](https://www.ohchr.org/en/hr-bodies/hrc/ichre-ethiopa/index)

ርክባት ሚድያ፡ ሮናል ጎሜዝ፡ ሓላፊ ሚድያ፡ OHCHR፡ +41 79 477 4411

***rolando.gomez@un,org***, *or Todd Pitman, Media Advisor, OHCHR, +41 76 691 1761 /* ***todd.pitman@un.org***